**ቤት ጽሕፈት ካቶሊካዊት ቤተክርስቲያን ኤርትራ**

**ERITREAN CATHOLICSECRETARIAT (Er.C.S)**

2/4 Digsa Street-178
P.O.Box 1990
ASMARA-ERITREA
Tel. 120514/125000
Fax +291-1-120070
E-mail: ercsec@tse.com.er


ኣስመራ 20/11/2020
ASMARA
ቁጽሪ ____________
Ref. No

# መልእኽቲ ሰላም
# ካቶሊካውያን ጳጳሳት ኤርትራ

*ይእዜኒ ለሰላም ንትልዋ፡ ሕጂ'ውን ንሰላም ንሰዓባ!*

**ክቡራትን ክቡራንን**
**ሕዝበ እግኣብሔር**

ከም መንፈሳውያን መራሕትን፣ ጓሶት ሕዝበ እግዚኣብሔርን፣ ዜጋታት ሃገርን፣ እዚ ኣብ ጎረቤትና ኢትዮጵያ ተፈጢሩ ዘሎ ውግእ ሓድሓድ ኣዝዩ ከምዘሻቐለና ብዓብይ ጓዘን ክንገልጽ ንደሊ። ውግእ፣ ቀታልን፣ ኣሰንካልን፣ ኣዕናውን፣ ኣዘናባልን፣ ነባሪ ቂምን በቐልን ዝዘርእ ጸረ ሕይወትን ምዕባለን ጎብረትን ዝኾነ ተግባር ምዃኑ ኣብ መላእ ዓለምን ብፍላይ ከኣ ቀርኒ ኣፍሪቃ ዝርከቡ ሕዝብታት ኣጸቢቖም ዝፈልጥዎ ሓቂ እዩ። ይኹን እምበር ብዘይ ምቁራጽ ይቕጽል ከምዘሎ እውን ዝከሓድ ኣይኮነን።
ውግእ ክትጅምሮ እምበር መኣስ ዝውዳእ፡ ኣበይ ዝውዳእ ክትፈልጦ ስለዘይከኣል ኩሉ ኣብ ውግእ ዝሳተፍ ተሸናፊ እምበር ኣሸናፊ ክኸውን ኣይክእልን እዩ። ከምቲ ቅዱስ ኣቦና ዮሓንስ ጳውሎስ ዝበልዎ፣ ዝኾነ ዓይነት “ውግእ ትርጉም ዘይብሉ ተርእዮን፡ ወትሩ ዘይፍትሓውን እዩ” (ዮሓንስ ጳውሎስ 2ይ)ኢዩ።
ውግእ ነተን ኣርባዕተ ዓንድታት ሰላም፡ **ሓቂ፡ ርትዒ፡ ፍቕሪ፡ ናጽነት** ኢዩ ዘብርስ፡

- **ሓቂ፡** ሰባት ንናይ ባዕሎም መሰላት ምርግጋጽ ጥራሕ ዘይኮነ፡ ንናይ ካልኦት መሰላት እውን ምስ ዘረጋግጹ፡ ሓቅ ንሰላም ትሓንጽ፡
- **ርትዒ/ፍትሒ፡** ሰባት ንናይ ካልኦት መሰላት ብምኽባር ንተፍጻምነቶም እንክጽዕሩ፡ ርትዒ/ፍትሒ ንሰላም ተሓንጽ።
- **ፍቕሪ፡** ሰባት ከምቲ ናቶም፡ ናይ ካልኦት ሓገዝ ከምዘድልዮምን፡ ምስ ካልኦት ብፍላይ ኣእምሮኣውን መንፈሳውን ክብርታት እንኪሳተፉ፡ ፍቕሪ ንሰላም ትሓንጽ፡
- **ናጽነት፡** ሰባት ብኣእምሮ ተመሪሖም ናይ ተግባራቶም ሓላፍነት ምስ ዝስከሙ፡ ናጽነት ንሰላም ተሓንጽ፡

ንሎምን ጽባሕን ብዓይኒ እምነትን ልቦናን ጠሚትካ ነገራት ወይ ኩነታት ወትሩ ከምቲ ኣብ ባይታ ዝመስልዎ ኣይኮኑን ስለዚ ሕቶ ሰላም ካብ ሰብኣዊ ክብርን፡ ሰብኣዊ መሰልን ፈሊኻ ክርኤ ኣይክእል።
ኣብ መንጎ ሰላምን ሓቅን ዘይበታተኽ ማእሰር ኣሎ፡ እዚ ከኣ፡

- ኣብ ምትሕልላፍ ሓበሬታ፡ ቅንዕና
- ኣብ ሥርዐተ ሕጊ፡ ማዕርነት
- ኣብ ደሞክራስያዊ መስርሕ፡ ንዜጋታት ውሕስነት ዝህብ ክፉትነት፡
- ንግርጭታት ብሰላማውን ብሓቀኛን ሓናጽን መንገንዲ ክትፈትሕ ድልው ምዃን፡ እዚኣቶም ኩሎም ናይ ነባሪ ሰላም ሓነጽቲ ኢያቶም፡ይብሉ ርእሰ ሊቃነ ጳጳሳት ዮሓንስ መበል 23።

ስለዚ እዚ **ኣዕናዊ ውግእን ንኣኡ ዘጉሃህር ዘረባን ቃላትን** ምእንቲ እግዚኣብሔርን፣ ምእንቲ ሕዝብታትን ብዝቀልጠፈ ከቋርጽ፣ ነቲ ዘሰሓሕብ ዘሎ ጉዳያት ከኣ ኮፍ ኢልካ ተላዚብካ ክፍታሕ ደጋጊምና ንጽውዕ።

ንኩልኻትኩም ካህናት፣ ውፉያት ምእመናንን ድማ ኣብ ጸሎትን ምህልላን ክትጽመዱ ነተባብዕ።

እቲ ኩሉ ዝከኣሎ ንጉሠ ሰላም መድኃኔ ዓለም ይተዓረቐና፣
ኣብ ሃገርናን ከባቢናን ምሕረትን ዕርቅን ኣውሪዱ ሰላምን ቅሳነትን ይፍጠረልና።

**ቃል ካቶሊካውያን ጳጳሳት ኤርትራ**


ቤት ጽሕፈት ካቶሊካዊት ቤተክርስቲያን ኤርትራ
ERITREAN CATHOLIC SECRETARIAT


for